Mr. Diijon DaCosta, Sr.፡ *ኣቦ-መንበር ቦርድ*
Mrs. Deirdre P. Pierce፡ *ምክትል ኣደ-መንበር*
Mrs. Anna Hill
Mrs. Whitney McGinniss
Ms. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሓዳሪት*

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

8 ጥቅምቲ 2024

**ዝርከብ ሰብ፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

# ብዝሒ ተመረቕቲ DCSD፡ ኣብ ካልእ እዋን ዘይተራእየ ኣዝዩ ልዑል'ዩ

*ሸምንተ ካብ'ተን ዓሰርተ ንኡሳን ጉጅለታት ተማሃሮ፡ ኣገራሚ ዚኾነ ወሰኽ ናይ ተመረቕቲ ኣርእየን እየን*

(STONE MOUNTAIN, GA)—እቲ ኣብ 2024 ዝተራእየ ብዝሒ ተመረቕቲ Dekalb County School District (*DCSD*)፡ ኣብ ካልእ እዋን ተራእዩ ዘይፈልጥ ኣዝዩ ልዑል እዩ። እቲ ናይ ኣርባዕተ-ዓመት ብዝሒ ተመረቕቲ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ 79.1% ኮይኑ፡ ካብቲ ኣብ 2023 ዝነበረ ብዝሒ ድማ ብ3.3 ሚእታዊት ወሲኹ፣ ካብ 2011 ድማ ብ20.5 ሚእታዊት ዓብዩ እዩ፣ ኣብ ፈለማ ዓመት፡ ምትዕርራይ ዝተገብረሉ ቅማረ ጒጅለታት ተመረቕቲ ንኽህሉ፡ ፈደራላዊ ሕጊ ጠሊቡ እዩ።

ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምድብ *ኩሎም ተማሃሮ* ዝተገብረ ምምሕያሽ፡ ሸውዓተ (7) ካብ ትሽዓተ (9) ብደረጃ ኣውራጃ ዝነበረ ብዝሒ ንኡስ-ጒጅለ ተመረቕቲ፡ ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ወሲኹ (77.8%) እዩ። እዚ ድማ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ካብ ዝተመረቑ ተማሃሮ እቲ ዝለዓለ ብዝሒ ተመረቕቲ ዘርኣየ እዩ።

| ንኡስ-ጒጅለ | % ምምሕያሽ | ንጽጽር ናይ ዓመት 2023 ምስ ናይ ዓመት 2024 |
|---|---|---|
| ኩሎም ተማሃሮ | ብ3.3 ወሲኹ | (ካብ 75.8 ናብ 79.1) |
| እስያዊ/ፓሲፊክ ኣይላንደር | ብ4.8 ወሲኹ | (ካብ 80.6 ናብ 85.4) |
| ጸሊም | ብ2.6 ወሲኹ | (ካብ 77.0 ናብ 79.6) |
| ሂስጳንያዊ | ብ6.5 ወሲኹ | (ካብ 60.7 ናብ 67.2) |
| ጻዕዳ | ብ2.7 ወሲኹ | (ካብ 91.6 ናብ 94.3) |
| ብቑጠባ ዝተጸገሙ ሰባት | ብ3.7 ወሲኹ | (ካብ 73.6 ናብ 77.3) |
| ተማሃሮ እንግሊዝኛ | ብ5.8 ወሲኹ | (ካብ 54.9 ናብ 60.7) |
| ስንክልና ዘለዎም ተማሃሮ* | ብ4.7 ወሲኹ | (ካብ 62.6 ናብ 67.3) |

**እዚ ዓመተ-ትምህርቲ 2024፡ ንተኸታተልቲ 7 ዓመታት ንዝተራእየ ወሰኽ ተመረቕቲ ተማሃሮ ንኡስ-ጒጅለ ስንኩላን የመልክት።*

“እዚ ኣብ ተመረቕቲ ዝተራእየ ምምሕያሽ፥ ነዚ ኣገዳሲ ደረጃ ንኽበጽሑ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነ ስራሕ ብቐራጽነትን ኣተኩሮ ብምሃብን ዝሰርሑ ተማሃሮና፡ መምሃራን፡ ስድራቤታት፡ ሰራሕተኛታት ደገፍን ኣማሓደርትን ብምህላዎም ጥራይ ዝተኻእለ እዩ” ብምባል ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton ተዛሪቡ። “እቲ ዘሎና ቦርድ ትምህርቲ (Board of Education)፡ ከምዚ ኣገራሚ ዝኾነ ወሰኽ ብዝሒ ተመረቕቲ ዝኣመሰለ ትምህርታዊ ውጽኢታትን ዓወታትን ተማሃሮ ኣብ ዘጠናኽር ስትራተጅያዊ ሓገዛት ብምግባሩ ክብሪ ኪውሃቦ ይግባእ እዩ”

ዓሰርተው-ሸሞንተ (18) ካብ ዕስራን ሓሙሽተን (25) ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ እቲ ኣብ ኣርባዕተ-ዓመት ዘመረቓኦም ብዝሒ ተማሃሮ ወሲኹ (72%) እዩ። ኣዝዩ ግኑን ዝኾነ ናይ ክልተ-ኣሃዝ ወሰኽ ተመረቕቲ፡ ኣብዘን ዝስዕባ ሰለስተ (3) ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዘጋጠመ እዩ፥

| | | |
|---|---|---|
| McNair High School | ብ21.7% ወሲኹ | (ካብ 55.2 ናብ 76.9) |
| DeKalb Alternative School | ብ13.5% ወሲኹ | (ካብ 15.9 ናብ 29.4) |
| Columbia High School | ብ10.7% ወሲኹ | (ካብ 72.0 ናብ 82.7) |

-ተወሳኺ-

ሓሙሽተ (5) ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ 6 ሚእታዊት ወይ ልዕሊኡ ወሰኽ ኣርእየን እየን፥ Clarkston High School (+8.1)፡ East DeKalb Special Education Center (+7.9)፡ Stephenson High School (+7.1)፡ Lakeside High School (+6.6) ከምኡውን Cross Keys High School (+6.0)፣

ካልእ ወሰኽ ብዝሒ ተመረቕቲ፡ ኣብዘን ዝስዕባ ዓሰርተ (10) ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ተራእዩ እዩ፥ Dunwoody HS (+4.8)፡ Cedar Grove HS (+4.4)፡ Elizabeth Andrews HS (+3.7)፡ Chamblee HS (+3.4)፡ Tapestry Public Charter (+3.0)፡ Druid Hills HS (+2.7)፡ Redan HS (+2.0)፡ Towers HS (+2.0)፡ Stone Mountain HS (+1.6)፡ Arabia Mountain HS (+0.3)።

እዘን ዝስዕባ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ብዝሒ ተመረቕቲ ልዕሊ 95 ሚእታዊት ንኺኽውን ብቐጻሊ ይሰርሓ ኣለዋ፥

- DeKalb Early College Academy* 100% 100 ሚእታዊት ንተኸታተልቲ ሰለስተ ዓመታት!
- Arabia Mountain High School* 98.9%
- DeKalb School of the Arts 97.2%
- Tapestry Public Charter School* 96.8%

  *Title 1 School*

*"ኣብያተ-ትምህርትና፡ ብዝያዳ ንጡፋትን ኣብ ተማሃራይ-ዘተኮረ ናይ ኣመሃህራ ሃዋሁ ዘለወን ንኺኾና፡ ዳግመ-ኣወቓቕራን ህዳሰን ከምዚህሉ ዚገብር መቓን-ስራሕ MIRACLES ብቐጻሊ ነተግብር ኣሎና" ብምባል Dr. Horton ተዛሪቡ። "እቲ ብፍጹም ዘይቅየር ሓደ ነገር፥ ዓወት ኩሎም ተማሃሮና ንዜረጋግጽ ባህልናን ሃዋሁ ትምህርትናን ኣብ ምጥንኻር እንገብሮ ጻዕሪ እዩ።"*

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሓደ ካብ መትከላት ናይ ኣውራጃ MIRACLES፡ ኣብ መላእ ኣብያተ-ትምህርቲ ዚትግበር ፕሮቶኮል ምክትታል ጕጅለታት ተመረቕቲ (Graduation Cohort Monitoring Protocol) ምምዕባል ነይሩ። እዚ ስሩዕ ናይ ትግባረ ስርዓታት፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023-24 ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Horizon ምሉእ ብምሉእ ከምዝውሃሃድ ተገይሩ፣ ብደረጃ ኣውራጃ ድማ ብሰራሕተኛታት Area Horizon ምክትታል ተገይርሉ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣውራጃ፡ ኣብ መላእ DCSD ኣብ ዘለዋ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ንዚውሃብ ደገፍ ንምሕያል፡ ዳግመ-ኣቃውማ ብምግባር ውፉያት ሰራሕተኛታት ቆጺሩ እዩ።

ኣብዚ ዓመት'ዚ፡ እቲ ፕሮቶኮል ምክትታል ጕጅለታት ተመረቕቲ፡ ከምቲ ብደረጃ ስርዓት-ትምህርቲ ዚግበር ትጽቢት፡ ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ከምዚስፋሕፋሕ ተገይሩ ኣሎ። ኣብ መጻኢ ንዝህሉ ወሰኽ ብዝሒ ተመረቕቲ ደገፍ ንምሃብ ተባሂሉ ሓያሎ መትከላት MIRACLES ብወግዒ ተጀሚሩ ኣሎ፥

- <u>*ምስ ተማሃሮ ምትእስሳር ንምግባር ተሌፎናት ዘይምጥቃም*</u>፡ ምጥቃም ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ኣብ እዋን ትምህርቲ ከምዚግደብ ዚገብር ተበግሶ ዳግመ-ሰታፊ ትምህርቲ እዩ።
- <u>*ምፍጣን ትምህርቲ፥*</u> እቶም ዲፕሎማ ካልኣይ ደረጃ ንኺረኽቡ ንዚሓቱ ተማሃሮ ዳግማይ ዜሳትፍ ተበግሶ ምልቃቕ ትምህርቲ እዩ።
- <u>*ዳግማይ ዕድል (Chancelight*</u>) እቶም ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ናይ ማእከላይ ደረጃ ተማሃሮ ናብ ካልኣይ ደረጃ ብዚቐልጠፈ ንኺሰጋገሩ ዚውሃብ ደገፍ እዩ።
- <u>*ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ P.U.S.H. ውጥን*</u>፥ እቶም ኣብ ክፍልታት 6-12 ዝርከቡ ተማሃሮ ናብ ካልኣይ ደረጃ ብምስግጋር ነቲ ናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ዘለዎም ሸቶታት ንኺወቕዑ ምድላዋት ብምግባር መታን ኪምረቑ፡ ብኹሉ መዳይ ንኺዳለዉ፡ ደረጃኦም ንኸበርኹ ዚገብር ደገፍ ዚህበም ውጥን እዩ።
- <u>*ነቲ ኣውራ ዚኾነ ትምህርታዊ ኣገባብ ምምሕያሽ፥*</u> ኣብ ገለ'ተን ዘለዋና ኣብያተ-ትምህርቲ Horizon ንዝርከቡ ስንኩላን ተማሃሮ ደገፍ ዚኸውን ኣብ መርትዖ-ምርኩስ ዝገበረ መድረኽ ትምህርቲ ንባብን ጽሕፈትን ምውህሃድ።
- <u>*ንተማሃሮ እንግሊዝኛ ዚኸውን መደባት ትምህርቲ ቛንቋ፥*</u> ዓቕሚ ምልክት ቛንቋ እንግሊዝ'ቶም ተለልዮም እተፈልጡ ተማሃሮ እንግሊዝኛ ዜበርኽ ኣብ ነፍስወከፍ ተማሃራይ ዜተኮረ መደባት'ዩ።

XXX

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200 | www.dekalbschoolsga.org